# መስፍን ክሳብ ማዓስ ኢኻ ?

ለምለም ጸሃየ ሆላንድ 22.03.04

ክቡራት ተኸታተልቲ፣ መበገስየይ ውልቀሰብ ንምውቃስ ኣይኮነን። ታሪኽ ንምውካስ ኢዩ። ታሪክ ግን ውልቀሰባት ስለ ዝሰርሕዎ ናይ ግድን ኢዩ ውልቀሰባት ብታሪኽ ክኽሰሱን ክናኣዱን።

ኣደኻስ ብዙሕ ክትሐብእ ትፍትን። ኮይኑ ግን ኣብ ሃገርና ኣብ ጎልጎል ስለንዓቢ ይነውሕ እበር ኩሉ ይፍለጥ። ተሽፍንካ ኽሳብ ምዓስ ስለ ዘይተናዘዝካ እምብር ገበንኩም ምዓረ ምስ ኢሳያስ ኢዩ።ኣነ ምኽረይ ይልግስልካ ጥዕና የብሉን ካብ ቡዙሓት ይስምዕ። ንሸኻ ዘይሓመምካ መን ክሓምም መስፍን?

ሃገር ናይ ጨጋር ዳንጋ እያ ምሁራት ኣየድልዩን፣ እናበልኩም ንሃገር ከርብሑ ዝኽእሉ መመሪጽኩም፣ ሽም እናሃብኩም ንገለ መንካዕ፣ንገለ የማን፣ ንገለ ወገናዊያን እናበልኩም ከም ኣቕጽልተ ኣርጊፍኩምዎ። ልቢ እንተለካ ነዚኦም ትዝክሮም ትኸውን። እዚ ቀዳማይ ሕማም እዩ። ከይጣዓኻ ኽትነብር እኻ። ብድልየቶም ንህዝቦም ሓርነትን ናጽነትን ኽምጽኡ ዝላዓለ ኽብሮም ሂወቶም ንህዝቢ ከወፍዩ ዝመጹ ኣጥፊእካ ደም ንጽሃት ብዕሉ ጥዕና ኣይህበካን።

ናይ ዳሐር ገደደ። ህጻውንቲ ቖልዑ ፉል፣ ቆሎ፣ በለስ በሊያም፣ ቆኒነን፣ ክዳን ሓጺበን ኣብ ዓለም ኣሎ ዝባሃል ሓሳርን መከራን ገረን ዘዕበያ ኣደታት መንጥልኩም ወድእኩሞም። ኣፈን እንተ ትዓብስስ ከብደን ኣይረግመካንዶ? በይን ኽትመጽእ ጥዕና መስፉን?

ሳክልሰኣይ ገብን፣ ኣነ ምስ ምንግስቲ ተፋላልየ እልካ። ግርም ናይ መጀመርያ ኣኼባ ክገብር ኢዩ ምስ ሰማዕና፣ ኣነ ብወገነይ ካብ ሆላንድ ንዓድእንግሊዝ ከድኩ። መቸም ኣጣቅዕና። ዘረባ ብደቂን ስበይቱን ጀመረ። ደቀይ ደሞዞም ደውእሉ። ኣነ ንሕክምና ምስ መጻእኩ ንዓይ ሕክምና ኣብዮምኒ። ፓስፖርተይ ወሲዶሞ። ደሞዝይ ዘይደቀይ እዮም ዝጥቀምሉ። ኣነ ካአ ካብዝውግእ ኢደይ ሕጹብ እየ። ባኣንደራ ናይ ጀብሃ ሒዙ ብሉኒ። ኣነ ካአ እዚኣ እየ ሒዘ ነይረ። ዓጀው ኢሉ ፍረ ስኢናሉ።

እዚ ሰኣብይ ዳሐንድዩ? እብሎ ንሐደ ሓውና ኣብኡ ዝነበረ። ዳሐንዶ ከምዚ ገለጻ ይህብ እልኪ? ኢሉ መለሰለይ። እስከ ንጸበ ጋሻ ስለ ዝኮነስ ምስጢር ኣውጽእካ ከይብሉኒ ኢሉ ከይክውን ኢልና ተጽቢና። ወይከ እዚ መስፍን እንታይ ጉዱ ጉባአ ክሳብ ዝገብር እምበር ገለስ ክገብር እዩ። ጉባአ ተገቢረ ብዘይ ፍረ ካአ በቕ በለ። ወዲድሙ ከም ቀደሙ። ሰብ ካአ ተዛረበት ኣድሐኖም ገድፍዎም ተባህለ። ካብ ተስምዐ ጉድና ከይ ወጻእና ንውድባት ንጸውዕ። ዋላ ኣይእሞንና ነዳናግሮም። እቲ ኹሉ ኣብውሽጢ ጉባአ ኣድሐኖም ዝመኰቶን ዝዓብለሎን ከም ናትና ገርና ንግለጽ ዝብል ሐድሽ ሓሶት ሒዞም ተብገሱ። በሉ ንሕና ክም ህዝቢ ነድሐኖም ንመርጽ። ብድም እውን ኣይኽሰስን።

ኣብ መጨረሻ መግለጺ ስላሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ሰውራዊ ባይቶ (ጉጅለ ስዩም) ምስ ኣንበቡኩ ገሪሙኒ። ነቲ መስራቲ ጉባአ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣመጉሱ፣ ባዕሎም ንጽገና እናኣወጁ ንመሰረታዊ ለውጢ ውሳኔታት ከምዘሕለፈ መስኪሩሉ። ክበልዑዋያ ዝደለዩ ኣባጉምባሕስ ዛግራ ይብሉዋ ከምዝበሃል፣ እንዳ ስዩማይ መጸግዒ ስለዝሰኣንኩም እንተ ኣጸግዑኹም ኢልኩም እምበር ንሳቶምስ ምስ ኢሳያስ ክዛተዩ ወሲኖምዎ ኢዮም። ንመሰረታዊ ልውጢ ኢልኩም ወጺኹም ምስኦም ተጸጊንኩም እንተ ኣተኹም ከኣ ምርጫኹም ኢዩ።

ለምለም ጸሃየ (ካብ ሆላንድ)